


# እዛ ዓንዲ ማእከል !

እዛ ዓንዲ ማእከል !

ስልመ ናይ ገዛ ፡ ጽንዕቲ ዓንዲ ማእከል
መብራህቲ ስድራ ፡ ስምዒ ናይ ቀንዴል
ነቲ ምዕሩግ ዳሳ ፡ እስከ በሉላ ዕልል
ቅዲት ነስንሱላ ፡ ከርበ ዕጣን ሰንደል ፡

እዛ ዓንዲ ማእከል !

ዓንዲ ሕቖ ናይ ሃገር
ረብሪበ ዘይናታ ፡ ናይ ቃልሲ በሃር
ዕጥቃ ዘይተዝልቕ ፡ ክትነድቕ ሃገር
መሊሳ ትሓንን ፡ ኣብቲ ጽንኩር እዋን ፡

ንዝጸምአ ከተጥልል ፡ ንዝጠመ ከተዐንግል
ሕሰም ተጻዊራ ፡ ፍቕሪ ትመቅል
ጽሩይ ማይ ክዛሪ ፡ ከውሒ ትነድል
ኣኽዛ ክሕፈስ ፡ ግርሁ ትጕልጕል
ንሪመይ ዝበለ ፡ ብማዕረ ተደላድል ፡

እዛ ዓንዲ ማእከል !

ሓንሳብ ምስነቐለት ፡ ዓጢቓ መቐነታ
እጃማ ከተበርክት ፡ ክስውድ ሰውራ
ኣብ ጎድኒ ኣሕዋታ ፡ ከላሽን ሓንጊጣ
መዛግብ ጸላእቲ ፡ ገይራቶ ገበጣ ፡

ጭማርኣ ተውለ ፡ ድርብ ዝስሕለቱ
ንደመኛ ጸላኢ ፡ ከምኣስሓይታ ጕይሑ
ኣዕሙቓ ትደቢ ፡ ንዝተመኩሑ
ፈጺሙ ዘይዓጅባ ፡ ኣኽላባት እንተነብሑ ፡

እዛ ዓንዲ ማእከል !

ደጀን እያ ፡ ደጀን ቃልሲ
ርህርህቲ ከም ርግቢ ፡ ፈልፋሊት ፍቕሪ
ትእምርቲ ሰላም ፡ ተመስጊና ብመላእኽቲ
ፍትሒ እያ ፡ ናይ ሓቂ ፈልሲ
ንመስዋእቲ ቅርብቲ ፡ ወትሩ ድልውቲ
እቲ ቅዱስ ማህጸና ፡ ጀጋኑ ዝፈሪ
ሓቅነት ኣውሪሱ ፡ ሃገራውነት ዝዛሪ ፡

እዛ ዓንዲ ማእከል !

ሓንሳብ ምስ ነቐለት ፡ ብድርብ ጭማራ
ብንቕሓት በናጢሳ ፡ ነብሰምትሓት መፈንጠራ
ንሓዋሩ ዝተርብዐት ፡ መስፍናዊ መጋረጃ
ተባዕታዊ ትምክሕቲ ፡ ብንቕሓት ቀቢራ
ብስራሕ ብጻዕሪ ፡ ማዕርነታ ኣደላዲላ
ናጽነታ ዝጨበጠት ፡ መስዋእቲ ከፊላ ፡

ነዛ ዓንዲ ማእከል ዓሉሉላ !
ዓሊልኩም ንታሪኻ መስክሩላ
ነዛ ቀንዴል ስድራ ደብሉላ
ሽንፋእ ንጸጉላ ፡ ዕምበባ ነስንሱላ
ከይትዕየን ፡ ዓይኒ ሓሳድ ክኽውለላ ፡

ነዛ ቀንደል ስድራ ፡ ደብሉላ
ክበቡዋ ፡ ንኣባይ ሰስ በሉላ
ሰብ መንቅብ ፡ ከይቐርብ ኣብ ዘፈራ
ጅግና እያ ፡ ዘሰወደት ሰውራ
ኣደ ጀጋኑ እያ ፡ ኣደ ኤርትራ
ጸኒዓ ዘጽንዐት ፡ ዝወነነት ክብራ
ድባብና እያ ፡ ቦታ ክብሪ መንበራ ፡

ኩልኽን ደቂኣንስትዮ ኤርትራ
ብናይ ሓባር ቃልሲ ፡ ኣርዑት መግዛእቲ ሰቢርና
ኣብ ዘንጊ ሓቂ ፡ ሰቒልና ባንዴራ
ንምውሓስ ልዑላውነት ፡ ቅናትክን ብዕጽፊ ተሪራ
ኣብ ምህናጽ ሃገር ፡ ተሳትፎኽን ኣመስኪራ
ክብሪ ንዓኽን ፡ ሓላላት ደቂ ኤርትራ
ኣብ ወርቂ መንበር ፡ ንዘልኣለም ንበራ ፡

ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ንጀጋኑ ሰማእቲ !

ዓወት ንሓፋሽ !

ብመኽንያት 8. መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ፡

መድሃኔ ተስፋኣለም ፡
06.03.2010 ፡
Friedberg Germany.

ብመኽንያ 8 መጋቢት ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ፡ ድርሰት ብመድሃኔ ተስፋኣለም ፡
06.03.2010 Friedberg Germany.